**<u>ዘሕጉስ ዜና</u>** 11-12-2016 ዓ.ም.

ኣብቲ ብዕለት 03-12-2016 ዓ.ም. ብግዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያንን ከምኡውን ብምትሕብባር ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ማሕበርን ዝተገብረ ናይ ውጉኣት ሓርነት መደበር ከሰላ ናይ ድራር ምስዮት ብዓወት ተዛዚሙ።

እዚ በዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ኣብ ኣዳራሽ Nied Saalbau ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ካብ ሰዓት 16.00 ክሳዕ 23.00 ሰዓታት ዝውሰደ ዕድመ ብፈገግታን ብዋዛን ቁምነገርን ተሰንዩ ዘምሰየ ሰናይን ቅዱስን ምሸት፤ እኹል ትሩፍ ድራርን መስተን ምድላው ከም ዝነበሮ ዕድመኛታት ንኣደለውቲ ድራር ምስጋነኦም ሓደ ብሓደ ኣቕሪቦም።

ብድሕሪዚ ዕድመኛታት እቲ ዘይሕለል ናይ ሕልና ልግሶም ንውጉኣት ሓርነት 1.400.00 (ሓደ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን) ኤውሮ ብጥረ ገንዘብ ኣወፈዮም። ብዘይካዚ እቶም ብስራሕ ምኽንያት ኣብዚ ምሸትዚ ዘይተረኽቡ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣስተዋጽኦኦም ብባንክ ይልእኩ ምህላዎም ንሕብር።

ኣብ መደምደምታ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅዱስ ተግባር ንጀጋኑ ብጾትካ ተመሊስካ ምርኣይ ሕልናዊ ስምዒትካ ምርዋይ ምኻኑ ብምግንዛብ፤ ካብዚ ንላዕሊ ክግበርን ክምዕብልን ናይ ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት ምኻኑ ዕድመኛታት ኣተሓሳሲቦም።

ግዱሳት ኤርትራውያን ዘጋታትን ደቂ ኣንስትዮን
ኣባላት ማሕበር ኣካለ ጽጉማንን ኤርትራን
ፍራንክፈርትን ከባቢኡን